UMEÅ KOMMUN

## ድሕሪ ባይታ

ኣብቲ ውላድካ ዝኸደሉ ትካል፡ ኩሎም ንጥፈታት ይስነዱ እዮም፥ ንኣብነት ከም ጸወታን ስነ-ትምህርታዊ ንጥፈታትን፥ ብፊልም ወይ ብስእሊ ይቕድሑ እዮም። መምህራንን ተመሃሮን ኪስንዱ ወይ ብዲጂታላዊ ኣገባብ ስነዳ ከዳልዉን፥ ሓደ ኣካል ናይቲ ምቕሳም ትምህርቲ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፥ ንዝዓሞቐ ትምህርታዊ ምሃዝነት ውን ዘማቻችእ እዩ። እቶም ሰራሕተኛታት ብተወሳኺ፡ ነቲ ስርሖም ንምግላጽን፡ ነቲ ኣብቲ ዘካይድዎ ንጥፈታት ዘንጸባርቕ ሓሳስን ባህታን፥ ንኣብነት ኣብቲ ናይ ኡመዮ ኮሙን መምሃሪ መድረኻት፥ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት፡ ብዲጂታላዊ መግለጺታት - ኣብ ገለ ኩነታት ውን፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት የቃልሕዎ እዮም።

ኡመዮ ኩሙን ብዙሓት ኣገልግሎታዊ ንጥፈታት ይጥቀም'ዩ፥ ኣብኡ ድማ ብዛዕባ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ግላዊ ሓበሬታ ናይ ውልቀ ሰባት፥ ኣብቲ ሕጋዊ ውዕል ዝተኻተተ እዩ። እቶም ውዕላት፡ ብመሰረት እቲ ኮሙን ዘሎዎ ናይ ድሕነት ጠለባት ዚትግበር ኮይኑ፥ ንኣብነት ኣብ Unikum፡ Google Workspace ከምኡ ውን ኣብ Tempus” ዘገልግል እዩ።

ኣብቲ ስእሊ፡ ፊልም ወይ ናይ ድምጺ ፍሪያት፥ ዕላዊ ኮይኑ ኣብቶም ኮሙናዊ ማሕበራዊ ሜድያታት ኣብ ዚውጻሉ ኩነታት፥ ኣብኡ ግን ሕጋዊ ውዕል ዘካተተ ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ናይ Facebook ከምኡ ውን ናይ LinkedIn፥ እቲ ግላዊ ሓበሬታ ብናይ ካልእ ካብ EU/EES ወጻኢ ዝኾነት ሃገር'ዩ ኣተሓሕዛ ዚግበረሉ። እዚ ማለት ድማ፡ እታ ተቐባሊት ሃገር፡ ነቲ ግዝኣተ-ክብራዊ ናይ ድሕነት ደረጃ ዘማልእ ኣይኮነን። ስለዚ ንስኻ/እቲ ቆልዓ/ ወይ እቲ ተመሃራይ፥ ብመሰረት ሕጊ ሓለዋ ስነዳ፡ መሰልካ ክትሓተሉ ኣይትኽእልን ኢኻ። ከምኡ ዓይነት ምዝርጋሕ ሓበሬታ ኣብ www.umea.se ኪግበር እንተ ደኣ ኾይኑ፥ እቲ ብኡመዮ ኮሙን ብዛዕባ ስእሊ፥ ፊልም ወይ ድምጺ ዝወጸ ሕጊን መምርሒን ተኸቲልካ እዩ ዚትግበር።

## ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ምሃብ ማለት እንታይ እዩ?

ኣብ መብዛሕትኡ ኣብቲ ውሽጢ'ቲ ቅድመ-ትምህርቲ ወይ ናይቲ ቤትትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ንጠፈታት ዚትግበሩ ስርሓት፥ ንኣብነት ስእሊ፡ ፊልም ከምኡ ውን ድምጺ፥ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ግላዊ ሓበሬታ ብዚምልከት ናይ ወላዲ ፍቓድ ምሕታት ወይ ናይ ምስምምዑ መግለጺ ምሕታት ኣየድልን እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ናይቲ ትካል ኣተሓሕዛ ግላዊ ሓበሬታ፥ በቲ ”ኣድላዪ ማሕበራዊ ኣገዳስነት” ዚብል ሕጋዊ መርሖ መሰረት ደገፍ ረኺቡ እዩ ዘተግብር።

እንተ ደኣ ነቲ ግላዊ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ኮሙናዊ ዲጂታላዊ ስርዓት-ስራሕ ከምኡ ውን ኣብ ናይ ካልኦት ተሓባበርቲ ጽፍሒታት፥ ካብ ናይቶም ዚምልከቶም ሰራሕተኛታት ወይ ወለዲ ወጻኢ ዝኾነ ሰብ ኣተሓሕዛ ኪግበረሉ ኮይኑ፥ ናይ ወለዲ ፍቓድ ምሕታት የድልየና እዩ። ማለት፡ ወለዲ ናይ ምስምምዕም መግለጺ ኪህቡ የድሊ ማለት እዩ። እዚ ድማ፡ እቲ ሕጋዊ መሰረት ናይቲ ግላዊ ሓበሬታ ኣተሓሕዛ ኪኸውን እዩ።

## ስለምንታይ ናይ ምስምማዕካ መገልጺ ምሃብ የድሊ?

እቲ ደሊናዮ ዘሎና፡ ብዛዕባ'ቲ ንሕና እነሕትሞ ሓበሬታ እንገብሮ ኣተሓሕዛ ቅሳነት ንኺስምዓካ ኮይኑ፥ እቲ ኣተሓሕዛና ድማ፡ ብመሰረት እቶም ብዛዕባ ቅድመ ትምህርቲን ቤትትምህርቲን፥ ኣብ መደብ ትምህርቲ ሰፊሮም ዘሎዉ መሰረተ - ክብሪታት እዩ። እቶም ውላድካ ኪልለየሎም ዚኽእል ስእሊታት፡ ፊልምታት ከምኡ ውን ድምጺታት፥ ከም ግላዊ ሓበሬትኡ እዮም ዚቖጸሩ፥ ስለዚ እቲ ኣተሓሕዝኦም ድማ፡ ብመሰረት ሕጊ ሓለዋ ሕጊ ሰነዳት (Dataskyddsförordningen (GDPR)) ዚውሰን እዩ።

እምበኣር ንሕና፡ ናትካ ናይ ምስምማዕ መግለጺ የድልየና እዩ። ምኽንያቱ ድማ እቶም ናይ ኡመዮ ኩሙን ናይ ትምህርቲ ኮሚቴታትን ትካላት-ዕዮን፥ ኣብቲ ውላድካ ኪልለየሉ ዚኽእል ስእሊ፡ ፊልም፡ ድምጺ ከምኡ ውን ስም፥ ካብቶም ዚምልከቶም ናትና ሰራሕተኛታትን ወለዲን ወጻኢ ዘሎዉ ሰባት ኣብ ዚጥቀሙሉ ጊዜ፥ እንታይ ኣተሓሕዛ ኪገብሩሉ ከም ዚኽእሉ መረዳእታ ንምርካብ እዩ።

## እቲ ዝተዋህበ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ንኽንደይ ጊዜ የገልግል?

እቲ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ሰነድ፥ ክሳብ ሓደ ወይ ክልተኹም ወለዲ ነቲ ክሳብ ትስሕብዎ፡ ቀጻሊ ኪኸውን እዩ።

## ነቲ ናይ ምስምምዐይ መግለጺ ብኸመይ ኪስሕቦ ወይ ኪቕይሮ እኽእል?

ነቲ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ፡ ኣብ ዝደለኻዮ ሰዓት ክትስሕቦ ወይ ክትቕይሮ መሰል ኣሎካ። ብኸምዚ ዚስዕብ ድማ ትገብሮ፡-

1. ነቲ ብዛዕባ ናይ ውላድካ ዲጂታላዊ ሕትመት ዝሃብካዮ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ክትቕይሮ ከም ትደሊ፥ ነቲ ትካል ዕዮ ብምሕባር።
2. ሓድሽ ኦርኒክ መሊእካ፡ ነቲ ቅድመ-ትምህርቲ ወይ ቤትትምህርቲ ብምሃብ እዩ።

ክሳብ'ቲ ነቲ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ባዕልኻ ዘይስሓብካዮ፥ ነቲ ግላዊ ሓበሬታ ብቐጻሊ ናይ ምጥቃም መሰል ዝተሓለወ እዩ። እዚ ማለት ድማ፡ ክሳብ'ቲ ንስኻ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ሂብካ ዘሎኻ፥ እቲ ኮሙን እቲ ተሓቲሙ ዘሎ ነገራት ንኺጥቀመሉ መሰል ኪህልዎ እዩ።

## ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ምሃብ

እቲ ትገብሮ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ፡ ክልተ ክፋላት ዘሎዎ እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ክፋል ድማ ናትካ ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ኪወሃበሉ ዘድሊ እዩ። ኣብዚ ዚስዕብ ገጽ ተመልከት። ብዛዕባ'ቲ ሓደ ክፋል ሕራይ ኢልካ፡ ብዛዕባ'ቲ ካልኣይ ኣይፋል ክትብል ውን ትኽእል ኢኻ። ብድሕሪኡ ነቲ ኦርኒክ ፈሪምካ ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ወይ ናብ ቤትትምህርቲ ትመልሶ።

ቆልዓ ናይ ምዕባይ ሓባራዊ ሓላፍነት ዘሎኩም ወለዲ፥ እቲ ናይ ምስምማዕ መግለጺ ዘገልግል መታን ኪኸውን፥ ክልቴኹም ወለዲ ንናይ ክልቲኡ ክፋላት ናይ ምስምማዕኩም መግለጺ ክትህቡሉ ይግባእ።

**ኦርኒክ - ናይ ምስምማዕካ መግለጺ፡ ንስእሊ፡ ፊልምን ድምጺን፥ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲን ሓልዮትን ኡመዮ ኮሙን፡-**

**እቲ ናይ ምስምምዐይ ነዞም ዚስዕቡ ቆልዑ ዚምልከት'ዩ፡-**

ስም ናይቲ ቆልዓ:____________________________________________________

ናይ ቆልዓ ክፍሊ/ጉጅለ:____________________________________________________

ናይ ቆልዓ ቅድመ ትምህርቲ/ቤትትምህርቲ:____________________________________________

**<u>ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ንኮሙናዊ ኣገልግሎታት ኣብቲ "inloggning" ዘድልየሉ ኩነታት:</u>**

**ኣነ፡ ውላደይ ኣብቲ ምስ ንጥፈታት ስራሕ ዝተኣሳሰረ ናይ ስእሊ፡ ፊልምታትን ድምጺታትን ስርሓት ንኺህሉን፥ በቶም እቲ ኮሙን ውዕል ዝኣተወሎም ናይ ስራሕ ኣገልግሎታት፥ ንኣብነት ከም "Unikum" ዝኣመሰሉ ንኺግልገልሉን፥ ናይ ምስምምዐይ መግለጺ እህብ ኣሎኹ።**

ኣብ ኡመዮ ኮሙን፡ ብዛዕባ ኣገልግሎታት ዝተኣትወ ውዕላት ዘሎ ኮይኑ፤ ኣብኡ ድማ፡ እቶም ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ትካላት፡ ብዛዕባ ናይ ተመሃሮን/ቆልዑን ናይቲ ኮሙን ግላዊ ሓበሬታታት ኣተሓሕዛ፥ እንታይ ሕጋዊ ኣተገባብራ ኪኽተሉ ከም ዘሎዎም፡ ኣብኡ ተኻቲቱ ኣሎ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ገለ ናይቶም ንኹሎም ወለዲ ዚምልከት ሓባራዊ ዲጂታላዊ ኣገልግሎት ንጥፈታት፥ ንኣብነት ናይ ብሙሉኡ እቲ ክፍሊ ወይ ጉጅለ ምስ ዚኸውን፥ ናታትኩም ናይ ምስምማዕኩም መግለጺ ክንረክብ የድልየና እዩ።

*1ይ ወላዲ*: (እቲ ሓደ ወላዲ ኣብዚ ይምልስ)

☐ እወ ☐ ኣይፋል

*ፊርማ*:________________________________________________________

*ዕለት*:__________________________________________________________

*2ይቲ ወላዲት*: (እታ ካልኣይቲ ወላዲት ኣብዚ ትምልስ)

☐ እወ ☐ ኣይፋል

*ፊርማ*:________________________________________________________

*ዕለት*:__________________________________________________________

**<u>ናይ ምስምማዕካ መግለጺ ንህዝባዊ ኣገልግሎታት:</u>**

**ኣነ፡ ውላደይ ኣብቲ ምስ ንጥፈታት ስራሕ ዝተኣሳሰረ ናይ ስእሊ፡ ፊልምታትን ድምጺታትን ስርሓት፥ ኣብቲ እቲ ኮሙን ዚጥቀመሉን ዘመሓድሮን ኣድራሻ ኢንተርነታት ንኺህሉ፥ ናይ ምስምምዐይ መግለጺ እህብ ኣሎኹ። እዚ ድማ፡ ንኣብነት ኣብ ናይ ቅድመ-ትምህርቲን ቤትትምህቲን ኣድራሻ ኢንተርነታት እዩ።**

ኣብ ናይ ኡመዮ ኮሙን ትምህርታዊ ኣብያተ-ንጥፈታት፥ ገለ እዋናት ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ቦታታትና፥ ኣብ umea.se ከምኡ ውን ኣብ edu.umea.se፥ ናይ ሕትመታት ሓበሬታታት ነውጽእ ኢና። ናይዚ ኣተሓሕዛ እዚን፡ እንታይ ዓይነት ሕትመታት ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ቦታታትን ከም ዚወጽእ ሓላፍነት ዚወስድ፥ እቲ ኮሙን ባዕሉ እዩ። ይኹን እምበር ናታትኩም ናይ ምስምማዕኩም መግለጺ ክንረክብ ድማ የድልየና እዩ። ምኽንያቱ እዚ ብዘይ መእተዊ ኮድ ኵሉ ሰብ ዚርእዮ ቅሉዕ ኣድራሻ ኢንተርነታት ብምዃኑ እዩ።

*1ይ ወላዲ*: (እቲ ሓደ ወላዲ ኣብዚ ይምልስ)

☐ እወ ☐ ኣይፋል

*ፊርማ*:________________________________________________________

*ዕለት*:__________________________________________________________

*2ይቲ ወላዲት*: (እታ ካልኣይቲ ወላዲት ኣብዚ ትምልስ)

☐ እወ ☐ ኣይፋል

*ፊርማ*:________________________________________________________

*ዕለት*:__________________________________________________________